# ታሪኽ ይድገም ኣሎ

# !!! ንጠንቀቕ !!!


ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ

ታሪኽ ይድገም ኣሎ

!!! ንጠንቀቕ !!!

ምስ እዛ መቕድመይ ኣተሐሒዛ ዘመሐላልፈልኩም ዘለኹ ጽሑፍቲ ኣብ ውዲት ምትራ **ኤርትራ** ፧፧፧ **ከበሳ ንኢትዮጵያ** ፧፧፧ **መታሕት** ፧፧፧ **ከኣ ንሱዳን** ፧፧፧ ከምከር እንከሎ ዝተዘርገሐት ኣብ **ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ** ብበዓል መምህር ወልደኣብ ወልደማርያም ትሰናደው ዝነበረት ውፍሪ ትግራይ ትግርኛ ሐዛል ብዕለት 3 ነሐሰ 1944 ዝተዘርገሔት ኮይና፡ ነቲ ሽዑኡ ዝተወጠነ ሐደጋ ኤርትራውነትና፡ ብምምስራት ራቢጣ ኣልኢስላሚያ ኤርትሪያ ወላዲት ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ኤርትራ ናይ ኤርትራዊያን ዝፈሸለ፡ ሎሚ መልክዑን ኣገባቡን ቀይሩ ዝህንደድ ዘሎ ኩነተደራራጊት እያ እሞ ብኣተኩሮን ዕሙር ምርምርን ከተስተብህሉላ ድሕሪ ምዕዳም፡ ንሕናኸ ነቲ ወጥን ብኸመይ ነፍሽሎ? መልሲ ናባኹም ሓዲገ ንምንባባ እዕድመኩም ።

**ወደባት ኤርትራ**

**ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፈሊፖ)**

**ሚላኖ ኢጣልያ**

ዕለት 25-05-2016

## ትሕዝቶ ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ

## ብዕለት 3/8/1944 ዝተርገሔት?

# ብዛዕባ'ቲ ዚመጽእ ኩነታት ኤርትራ ዚትንኪ ገለ ሓሳባት።
## (ብሓደ ኤርትራዊ)

ኣብ'ቲ ድሕሪ ውግእ ኪኸውን ዘለዎ ናይ ሰላም ዋዕላ፡ ብዛዕባ ኤርትራ፡ (ብዛዕባ ጊዜን ኩነታትን) እንታይ ከም ዚምርመር፡ እንታይ እውን ከም ዚምደብ ሓደ'ኳ ሎሚ ኺፈልጦ ዚኽእል የልቦን። እቲ ዚመስል፡ ከምኡ ኸም ዚኸውን ከኣ ርግጽ ዝኾነ ነገርሲ፡ እቲ ብዛዕባ ኤርትራ ናብቲ ዋዕላ ዚቐርብ ጕዳይ፡ ካብ ኩሉ ዝነኣሰ፡ ብመጠን እቲ ድሕርዚ ብርቱዕ ገድሊ፡ ኪዕረን ኪጣጣእን ዘሎዎ፡ ኣዚዩ ዝበርትዐን እተሓላለኸን ካልእ ጕዳያት ከኣ ኣዚዩ ዝፈኾሰ ጕዳይ ኮይኑ ከም ዚርእ ኣጸቢቕካ ምርዳእ ደኣ ኢዩ።

እዚ ሕጂ ዜጽሕፈኒ ዘሎ ምኽንያት እውን፡ ሃገር ኤርትራስ፡ ከም ሃገር ወይስ ከም መሬት፡ ካብተን ናይ ምስራቓዊ ኣፍሪቃ ሃገራት ዝበለጸት ወይስ ዝሓየሸት ሃገር ከም ዝኾነት ኣምሲለ ክርእያ ወይስ ክመዝና ቢለ ኣይኮንኩን። እዚ ናይ ሕጂ ሓሳበይን ድልየተይንሲ፡ ነቶም ደቅዓደይ፡ ወይከኣ ንሕዝበይ፡ ብዛዕባቲ ዚመጽእ ኩነታት ሃገሮም፡ ሀይወቶም፡ ዕላማኦም፡ ናይቶም ዚበዝሑ ድልየት እንታይ ከም ዝኾነ ንምክፋል ጥራይ ኢዩ። እዚ ማለተይ ግና፡ ካብቶም እተመደበን እተወሰነን እርኑብ ፖለቲካ ዚስዕቡ ብዙሓት ወገንሲ እቲ ሓደ'ኳ ኣነ ኢየ ማለተይ ኣይኮንኩን፡ ስለምንታይ፡ እዚ ከም'ዚ ዝበለ ነገር፡ ክሳዕ ሎሚ፡ ኣብ'ዛ ዓደይ የልቦን። እቶም ናይ ትምህርትን ናይ ፍልጠትን ጥቕሚ ኣጸቢቓቶም ኪርድኡዋቶ ጀሚራቶም ዘሎዉ ሰባት'ኳ፡ ኣዚዮም ዝወሓዱ ኢዮም፡ ብዝተረፈስ እቶም ዚበዝሑ ናይ'ዛ ሃገር እዚኣ ደቀባት፡ ናብ ዕዮኣቶምን ናብ ተግባራቶምን ኣቢሎም ዜድህቡ ሰባት ኢዮም። ወዲ ኤርትራ ጥዑምን ለዋህን ኢዩ፡ ምቹእ ጊዜን መንገድን እንተ ደኣ ረኺቡ ድማ፡ ኪመሃርን ኪበልጽን ዚደሊ ሰብ ከም ዝኾነ ፍሉጥ ኢዩ።

በዚ ዘሎናዮ ጊዜ፡ እቲ ኪመጸና ወይስ ኪወርደና ዘሎዎ ኩነታት ክንፈልጦ ዘይንኽእል ስለዝኾና፡ ኣብቲ ብዛዕባ ሃገርና ዚምደብ፡ ወይከኣ ኣብ'ቲ ንሃገርና ዚወርዳ ነገር እውን፡ እቲ ንሕና ክንብሎ እንኽእል፡ ኣዚዩ ዝነኣሰን ዝወሓደን ከም ዚኸውን ኣርጊጽና እንፈልጥ ስለ ዝኾና፡ ሓሳባትናን ድልየታትናን ይዳባለቕን ይናውጽን ኣሎ። እወ፡ እቲ ንኣና ዚስምዓና፡ እቲ ዚፍተወና፡ እቲ ዜካትዓና ዝኾነ ይኹን ኩሉ፡ ብዙሕ ቅዉም -ነገር ዘሎዎ ኾይኑ ኣይኪቐጽርን ኢዩ።

## ሯ

ዝኾነ ኾይኑ ግና፤ "ዶኾን፤" ኪብሃለሉ ዚኽእል፡ሓያሎ ሓሳባት ኣብ ኣየር ኣንጠጢዉ ኣሎ። ንሱ ድማ፡ እቲ ሓደስ ካብቲ ሓደ ዘባላለጽ ጽቡቕ ሓሳባት ኢዩ፡ ግናኸ ካብኡ፡ ሓደ'ኳ ኣብ ትሕቲ ምምዳብና ዚወድቕ የልቦን። ገሊኣቶም፤ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ክትወስዳ ኢያ ይብሉ፡ ገሊኣቶም ከኣ፡ ኤርትራ ናብ ኢጣልያ ከም እትምለስ ርግጽ ኮይኑ ይስምዓቶም፡ ገሊኣቶም ድማ፡ በቲ "ለቕሓን - ክራይን" ዚብሃል፡ በዚ ጊዜ'ዚ ወጺኡ ዘሎ ሓድሽ መንገዲ፡ ኤርትራ ንኣመሪካ ክትውሃብ ኢያ ይብሉ፡ ዓባይ-ብሪታኒያ ንኤርትራ ውሕጥ ከም እተብላ "ዚፈልጡ" ድማ ኣለዉ፡ ብዛዕባ ዑቍባ ማሕበር መንግስታት ዓለም፡ ብዛዕባ ምምኽቓል እዛ ሃገር እዚኣ ክይተረፈ'ኳ ይዝረብ ኢዩ፡ ብዝተረፈስ ነዚ ዚመስል ካልእ ብዙሕ "ተሃብራት" እውን ኣሎ። ንኣይ ዚመስለኒ ግና፡ እታ ናይ "ሰላም-ዋዕላ" ምንም'ኳ ብናይ ፖለቲካ ሓሳባትን ኣኻይዳን እትምራሕ እንተ ኾነት፡ ማለት ነቲ እትገብሮ ኹሉ ንፖለቲካ ተጸጊዓ እትገብሮ እንተኾነት፡ እቲ ናይ ሕዝቢ ሓቀኛ ጥቕሚ ድማ፡ ኣብ'ዚ ከም'ዚ ዝበለ ናይ ፖለቲካ ምርመራ ወዲቑስ ብቅጪም ነገር ከም ዚምርመር እተረገጸ ኢዩ።

መንግስቲ ኢጣልያ፡ ንሕቡራት መንግስታት ዚበትዕ ሓገዝ ንምውሃብ ምቹእ ጊዜ እትረክብ እንተደኣ ኾይና፡ እቲ ዕድላ ዝበለጸ ከም ዚኸውን ጥርጥር የልቦን። ብመንገዲ ሃረርታ ወይስ ናፍቖት ብዛዕባ ጥቕሚ ኢትዮጵያ እንተ ሓሰብና ድማ፤ ኣዛ ሃገር እዚኣ፡ ቅድሚ ኹሉ፡ ብወራር ፋሽስቲ ተጣሒሳ ነይራ ኢያ'ሞ፡ (እቲ መንግስቲ እንግሊዝ፡ ኢትዮጵያስ ንኢትዮጵያውያን ምእንቲ ክትከውን ቢላ ተዓዊታ እንካብ እትመልሳ ንነጀው እትነብሮ ዘላ ንብረት'ኳ ዝኾነ እንተኾነ፡) ብገለ መንገድስ ካሕሳ ዚግባእ ኢዩ።

ካብ መጀመርታ ጀሚሩ ክሳዕ'ተን ናይ መወዳእታ መዓልታት ግዝኣት ኢጣልያ ኣጸቢቑ ግሉጽ ከም ዝኾነ፡ ኤርትራስ ናብ ኢትዮጵያ እተሳግር ስጕምቲ ኢያ ዝነበረት እምበር፡ ኤርትራ ኸም ኤርትራስ፡ ንኢጣልያ ገለ'ኳ ኸም ዘይትጠቕማ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ኣጸቢቑ ይፈልጥ ኢዩ።

ብዚ ምኽንያት እዚ፡ ኢጣልያ ንኤርትራ ተመሊሳ እትሕዛ እንተደኣ ኾይናስ፡ ንኢትዮጵያ፡ ዘይሓልፍ ዘልዓለማዊ ስቓይን ፍርሃትን ኪኾና፡ ፈሊጥካን ፈቲኻን ከኣ መከራ ምጽዋዕ ማለት ኢዩ። በቲ ሓደ ወገን ካኣ፡ ኢትዮጵያ፡ ብስጋውን ብመንፈሳውን መንገዲ፡ (ማለት ብኣማሓድራ) ንኤርትራ ዚሓቑፍ ወይከኣ ዚኸውልስ ሓይሊ ዘሎዋ ኣይመስልን። ንሳ፡ በቲ

ኣብ ውሽጣ ዘሎ፣ ኣዚዩ እተሓላለኸን ዝበርትዐን ገዛእ-ጕዳያ፣ ብኣዚዩ ዝተረረ ኣታሓሕዛ ተታሒዛ ኣላ'ሞ፣ ኣሽምባይ ናብ ካልእ ኣቢላ ክትማጣጠርስ፣ ነቲ ተዋሂብዋ ዘሎ ሰከምን መገዝን፣ ከመይ ኣቢላ ከም እትጓዕዞ ምፍላጥ'ኳ ኣዚዩ ኣሸጋሪ ኢዩ። ኣብ'ዛ ሃገር እዚኣ፣ ውዒሉ-ሓዲሩ እንታይ ከም ዘጋሃድ እውን ሓደ'ኳ ኺፈልጦ ዚኽእል የልቦን። ብዝተረፈስ፣ ኤርትራ ንኢትዮጵያ፣ ዘየቋርጽ ሀውከት ደኣ ምኾነታ። እቲ ሎሚ ንኢትዮጵያ ዜድልያ ዘሎስ፣ ምእርናብን ምውሳንን ደኣ'ዩ እምበር፣ ምስፉሕን ምዝርጋሕን ኣይኮነን። እስከ ናይ ፖለቲካ ዘበለ ነገርን ምርምርን ኩሉ፣ ንሓንሳእ ጠሪስና ንወግዶን ንረስዓዮን እሞ፣ ከም'ዚ እናበልና ብቅውምነገር ንሕሰብ፤ ድሕሪ ከም'ዚ ናይ'ዚ ጊዜ'ዚ ዝበለ ሓደ ውግእ፣ ድሕርዚ ምእንቲ ሓርነት ሓድሕድን ምእንቲ ሓርነት ሕዝብታትን ዚግበር ዘሎ ኣዚዩ ዝበርትዐ ቃልስን ገድልንሲ፣ ብዛዕባ'ቲ ንናይ እውነት ጥቕሚ ሕዝብታት ኪኸውን ዚኽእል ጥራይ ኪሕሰብን ኪሕለንንዶ ኣምበይመተገብእን ይመስለኩትኩም፤ ከም'ዚ ካብ ዚኸውንከ፣ ብዛዕባ'ቲ ንሕዝቢ ኤርትራ ብሓቂ ዜድልዮን ዚጠቕሞን ጥራይ ምድላይን ምምናይንዶ ኣምበይምተገብእን!፣

ኣነ፣ እዚ ብዛዕባ ኩነታት ሃገር ኤርትራ ዚትንኪ ዓቢይ ሕቶ ኪፍትሓሉ ወይስ ኪዕረየሉ ዚኽእል መንገድታት ክሕብር ሃረርታይ ኢዩ። ከጽብቦ ጊዜ'ን ስፍራን ስለ ዝደረኸኒ ግና፣ ብኣዚዩ እተወሰነ ቃላት ኣቕርቦ ኣሎኹ፤

ኤርትራ፣ ብዓልየታትን ብቛንቋታትን ብወገናትን ብሃይማኖታትን ድብልቕልቕ ዝበለት ሃገር ኢያ። ብሓደ ቅልል ዝበለ መንገዲ እንተ ኸድናዮ፣ ነዛ ሃገር እዚኣ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፍሊ ክንከፍላ ምኽኣልና፤ ቈላን (መታሕት) ደጋን (ከበሳ)። እቶም ኣብ ቈላ (መታሕት) ዚቕመጡ ወገናት፣ ኣስላም ኢዮም፣ እቶም መብዝሕትኣቶም ከኣ ቋንቋ ትግረ ወይስ ዓረብ ዚዛረቡ ኢዮም። እቶም ኣብ ደጋ (ከበሳ) ተማሓዲሮም ዚቕመጡ ሕዝቢ ግና ክርስትያን ኢዮም፣ ቋንቋኦም ከኣ ትግርኛ ኢዩ። እቶም ኣብ መታሕት ዚቕመጡ ወገናት (ወይስ ሕዝቢ)፣ ብገለ መንገዲ፣ ምስቲ ብትምህርትን ብንግድን ብሃይማኖትን ንኣኦም ዚመስል፣ ምስ ሕዝቢ ሱዳን ኪሓብሩ ከም ዚደልዩ ርግጽ ኢዩ። ድሮ'ኳ ሎሚ፣ ነቶም ናይ መታሕት ወገናት፣ ምስ ሕዝቢ ሱዳን ዜተሓባብሮም ሓያሎ ነገራት ኣሎ።

ዝኾነ ኾይኑ ግና፣ እቲ ንኣይ፣ ኤርትራዊ ወዲ ከበሳ ስለ ዝኾንኩ፣ ኣውራ ዚግድሰኒ ዘሎስ፣ እቲ ነቶም ቋንቋ ትግርኛ ዚዛረቡ ብዙሓት ክርስትያን ዚትንኪ ነገር ኢዩ።

4

እዙይን እቲ ኣብ ሰሜናዊት ኢትዮጵያ ዚቕመጥ ሕዝብን፡ ብዓሌትን ብሃይማኖትን ብደቃን ብዛንታን ብትምህርትን ብልማድን ሓደ ወገን ከም ዝኾነ ኣጸቢቑ እተፈልጠ ኢዩ። እቲ ትግራዋይ (ትግሬ) ዚብሃል ሕዝቢ፡ እቲ ንምልእቲ ኢትዮጵያ ስልጣንን ሥውነትን ዕብየትን ስርዓትን ዝሃበ ሕዝቢ፡ ኣብ ክልተ ኪምቀል ከኣ ከቶ ዘይግባእ ኢዩ። በቲ ሓደ ወገን ድማ፡ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዚነብር ዘሎ ሕዝቢ ትግራይ፡ ናይ ብዙሕ ዕግርግርን ሀውከትን ምኽንያት ይኸውን ከም ዘሎ ኣጸቢቑ እተፈልጠ ኢዩ። ጊዜ ስለ ዝሓጸረ ደኣ ሎሚ ምዝራቡ ዘይከኣል ኮይኑ እምበር፡ እቲ ምኽንያቱ ድማ ብዙሕ እዩ። እቲ በዚ ዝሓለፈ ሓጺር ጊዜ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ተላዒሉ ዝነበረ ዕግርግር፡ ምስ ሕዝቢ ትግራይ ነበረ፡ ብዝተረፈስ እዚ ዜጕሂ ዛንታ'ዚ ካብ ጥንቲ ዝነበረ ኢዩ'ሞ፡ በቲ ዚመጽእ ጊዜ ከምኡ ኸይኸውን ከኣ ዜጣራጥር ኢዩ።

ኣኹስም፡ እታ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ መናገሻ ዘልዓለማዊት ከተማ፡ ናይ'ቲ ቋንቋ ትግርኛ ዚዛረብ ሕዝቢ፡ መንፈሳዊት መደበር ወይስ ብልጽቲ መዝገብ ኢያ። ናይ ምሉእ ሕዝቢ ትግርኛ፡ ሃይማኖታውን ፖለቲካውን ኻረርታን ናፍቖትን ከኣ ኣብኣ ኢዩ ተዓቚሩን ተዓቂቡን ዚነበር ዘሎ።

ሕዝቢ እስራኤል ትንሳኤ "ጽዮን" ከም ዚኣምንን ከም ዚጽብን፡ ሕዝቢ ትግርኛ'ውን ትንሳኤ ኣኹስም ይኣምንን ይጽብን ኢዩ።

እምበኣርከስ፡ እዛ ናይ ኢጣልያ ምስራቃዊት ሃገር እትብሃል ዝነበረት ክፍሊ፡ ካብዚ ዝብሎ ዘሎኹ ዚሓይሽ ካልእ ምምሕዳር እትረክብ ኮይኑ ኣይሰመዓንን። እዚ ማለት፤ ___ እቲ ደጋን ወይኑ-ደጋን ዚብሃል ክፍልታት ሃገር ኤርትራ፡ ምስ'ቲ ኣብ ሰሜናዊት ኢትዮጵያ ዚቕመጥ፡ ቋንቋ ትግርኛ ዚዛረብ ዘበለ ሕዝቢ ተጸንቢሩስ ሓደ ሕዝብን ሓንቲ መንግስትን ኪኸውን'ሞ ካብ ዓባይ-ብሪታኒያ ድማ ሓገዝን ረዲኤትን ክቕበል።

እዛ ብሓገዝ ዓባይ _ ብሪታንያ እትቘውም መንግስቲ እዚኣ፡ ካብቲ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ሓጸይ ሓደ ክፍሊ ምኻና ከይተርፉ፡ ስለዝውን እቲ ናይ ሓጸይ ድማ ኺብሃል፡ ብኣማሓዳድራን ብስርዓትን ግና፡ ብደቂ ትግርኛን ብሓገዝ እንግሊዝን ክትማሓደር። ብዛዕባ'ዚ ናይ እንግሊዝ ሓገዝ፡ ብድሕሪ ገለ ዓመታት፡ (25 ወይስ ካብኡ ዚበዝሕ ሓደው ከኣ ካብኡ ዚውሕድ) ኣብ ሕዝቢ ዕጭ-ውድቕ ኪግበር'ሞ፡ እቲ ሕዝቢ ባዕሉ፡ ሓደው ናይ'ቲ ሓገዝ ቈጸራ ኪውሰኸሉ፡ ሓደው ድማ እቲ ሓገዝ ፈጺሙ ኪቋርጽ እሞ፡ እዛ መንግስቲ እዚኣ ምስ መንግስቲ ሓጸይ ኢትዮጵያ ክትሓብር፡

5

ፈትዩ ንሓዲኡ ኪመርጽ ይተዓደም ሓሳቡ'ውን ይግለጽ ዚብል ምስምማዕ እንተ ዚርከብ፣ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ኾይኑ ይርአየኒ።

እዚ ኸም'ዚ ዝበለ ምምሕዳር፣ ነቲ ዚማሓደር ሕዝብን ሃገርን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነታ ኣብ ዙርያ ኢትዮጵያ ተተኺላ ዘላ መንግስቲ ዓባይ-ብሪታኒያ ሀድኣት፣ ነቲ ናይ ዓለም ሰላም ብኣውራኡ ድማ ጥቕሚ ምኾነ።

ኢትዮጵያ ብሰራዊት ዓባይ-ብሪታኒያ ኢያ ሓርነት ዝወጸት፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ'ውን ብሳላ ዓባይ-ብሪታኒያ ኢያ እተመልሰት፣ እዚ ዝዛረበሉ ዘሎኹ ሓድሽ መንግስቲ ድማ፣ ኪቐውም ዝከኣል እንተድኣ ኾይኑስ ብሓገዝ ዓባይ-ብሪታኒያ ኢዩ ዚቐውም፣ ሕዝቢ መታሕት ከኣ፣ ምስ ሕዝቢ ሱዳን ብምጽንባሮም፣ ከይተሓገሱን ከየማሰዉን ኣምበይ ምተረፉን።

ምእንቲ ኣብዚ ናይ ኣፍሪቃ ክፍልዚ ንሓዋሩ ዚኸውን ሰላም ኪርከብ፣ ስልጣኔን ጽቡቕ ንብረትን ከኣ ቀልጢፉ ምእንቲ ኪኣቱስ፣ በጀካ'ዚ ካልእ መንገዲ ዘሎ ኣይመስለንን።

ንሕና እቶም ማንም ዘበልና ኤርትራውያን፣ እዛ ውግእ እዚኣ ብዝተወድአት፣ ተደርቢና ሓዲግ ከይንተርፍ፣ ምናልባሽ እንግሊዛውያን ብድንገት ካብዚ ተላዒሎም እንተኸዱ ድማ፣ ምእንቲ ጠቕሙ ዘይኮነስ ምእንቲ ጠቕምና ቢሉ ዚድንግጸልናን ዚኣልየናን ሰብ ወይስ ወገን ብምስኣና ድማ ኣዳህቕ ከይንጠፍእሲ ብቅዉም ነገር ክንሓስብ ዜድልየና ኢዩ። እዚ ድሃይ እዚ፣ እቲ ካብ ኩሉ ዝደቀቐ'ኳ ይኹን፣ ናይ ገዛእ ርእሱ ጥቕሚ ዚናፍቕ ድሃይ ኣይኮነን እሞ፣ ድሃየይ ኪሰመዓለይ፣ እዚ ዘቕረብኩዎ ምኽረይ ከኣ ብቅዉም ነገር ኪምርመረለይ ምንየተይ ኢዩ።

ሰሙናዊ ጋዜጣ ቍ 101 3/8/1944

———:O:———